# <u>ሕሱር ዓለባ ነዊሕ ነየኽድን፡ ሕሱር ፖሎቲካ ነዊሕ ነይሰርሕ፡ ክልቶኦም ቀልጢፎም በለይቲ፡</u>

መቸም ኣብ ታሪኽ ፖሎቲካዊ ስርዓታት ከምዚ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ስርዓት ወያነ ዘጋጠመ ውድቀት ተራእዩ ኣይፈልጥን፡፡ ወይ ክርኤ'ዩ ኢልካ ኣይሕሰብን። ዓለባ ከከም ዓይነቱ፡ ገለ ንነውሕ ግዜ የገልግል ገለ ድማ ኣብ ሓጺር ግዜ ይበሊ። ክብሪ ዋግኡ ድማ ብዓይነቱ ይውሰን። ኣብ ፖሎቲካውን ከምኡ ከም ዘሎ ኣብ ዓመተ 2020 ንመጀመርያ ኣብ ሓጺር እዋን በልዩ ዝተበታተኸ ሕሱር ፖሎቲካ ህ.ወ.ሓ.ት ሪኢና። ዓለባ ምስ በለየ ለጋጊብካ ንቁሩብ ግዜ ዕድል እንተሃበካ ትሰፍዮ። ፖሎቲካ ወያነ ግን ከም ኣብ ኣሲድ (acid) ኣትዩ ዝቆራረጽ ኮበርታ ኮይኑ። ነዚ ንምድሓን ቲፈዞ ህወሃት "ነዊት ዝጠፍኦ ሓረስታይ ዓቕሉ ምስ ጸበብቦ ኣብ ጉብጥሽ ይደሊ ከም ዝተባህለ" ዓቕሎም ዝጸበቦም ኣብ ህላወ ወያነ ረብሓ ዝነበሮም ድጂታላ፡ ተመጻደቕቲ ዕሱባታ፡ ሰብ ግዙፍ ረብሓን፡ ወጻእተኛ ጋዜጠኛታትን፡ ነዛ ዝተበታተኸት ህወሓት ክሰፍዩ ጻዕዳን ጸሊምን ፈትልታት ክለቓቕቡ ይረኣዩ ኣለዉ። መንግስቲ ሱዳን ዶብ ሰጊሩ ዝወሰዶ ዘሎ ስጉምቲ ብቐጥታ ጃንዳ ንምድጋፍ ምዃኑዩ ዘርኢ'ዩ።

ነዛ ዝተበታተኸት ስርዓት ንምድሓን፡ ጭራም ሓሳብ ካብ ሱዳንን፡ ጭራም ሓሳብ ካብ ግብጺ፡ ፈትልን መርፍእን ካብ ምዕራባውያን ኣላጊብካ ሰፊኻ ትንፋስ ንምሃባ ዝግበር ዘሎ ፈተነ ንሰማዒኡ ዘስደምም እዩ። ኣብ ምድሓን ጁንታ ዝዋሳኣ ዘለዋ ናይ ቀረባ ይኹና ናይ ርሑቕ፡ ሓያላን ይኹና ድኹማት ሃገራት ተሓተቲ ኣብ ርእሲ ምዃነን፡ ፈሽልቲ ከም ዝኾና ዘጠራጥር ነገር ኣይኮነን። እቲ ዝዓበየ ዝገብርኦ ዘለዋ ጌጋ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ሕጊ ንምኽባር ዝውሰድ ዘሎ መስርሕ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝምልከት ክንሱ፡ ዝገብርኦ ዘለዋ ምትእትታው፡ ንኢትዮጵያውያን ጥራሕ ዘይኮነ ንብሙሉኡ እቲ ዘባ ቀርኒ ኣፍሪቕ፡ ንምሕማስ ስለ ዝኾነ፡ ሃገራት ናይዚ ዞባ ተራኤን ክጻወታ ይግባእ። ብዓቢኡ ከኣ ሕብረት ኣፍሪቃ።

እዚ ኣብ ሞንጎ ሱዳንን ኢትዮጵያን ብሰበብ ዶብ ተመኺንዩ ብሱዳን ዝውሰድ ዘሎ ስጉምቲ፡ ደረኽቲ ሓይልታቱ መን ምዃኖም ፍሉጥ ኮይኑ፡ እቲ ነቲ ዕንወት ዝስከም ግን ህዝቢ ሱዳን ምዃኑ መንግስቲ ሱዳን ዝተረድኦ ኣይመስለንን። ሳዕቢኑ ቀሊል ከምዘይከውን ምግንዛብ ይሓትት። መንግስቲ ሱዳን ነቲ ኣከራኻሪ ሜሬት ኣብዚ ሕጂ ግዜ መንግስቲ ኢትዮጵያ ውሽጣዊ ጸጥትኡ ንምውሓስ ኣተኩሩሉ ዘሎ እዋን ምውራሮም ዋጋ ከየኽፈሎም ኣይክተርፍን እዩ። ሱዳን ትወስዶ ዘላ ጉጉይ ተግባር ኣብቲ ንዑመር በሽር ካብ ስልጣኑ ክወርድ ዝገበረ ሓያል ህዝባዊ ተቓውሞ ከምዘምርሕ ኣንፈታት የርኢ ኣሎ። ጉዳይ ዳርፉር ከምብሓድሽ ላምባ እናተነስነሶ ከሎ፡ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ወጥሪ ምእታው ትርጉሙ ሱዳን ከም በዓል ሱርያ ምግባራ ጥራሕ እዩ።

ብኻልእ ወገኑ ነተን ኣፍሪቃ ሰላም ረኺባ ተጠቃሚት ባህርያዊ ሃብታን ዓቕሚ ሰባን ንኸይትኸውን ሓለይቲ ዝመስላ መዝመዝቲ ሃገራት ባብ ንምኽፋት ዕድል ምሃብ እዩ። ብሰንኪ ሱዳን ንጹር መርገጽ ዘይምህላዋ፡ ብቐዳምነት እቲ ዝመጽእ ሃስያ ንዓኣ፡ ብኻልእይ ድማ ነቲ ዞባ ሃሳዩ እዩ። "ላምስ ብኢዳ ዝቐርባ ብእግራ ትሓክክ" ከምዝበሃል ንሽምግልና ጎረባብታ ገዲፉ ናብ ምዕራባውያን ትጽግዓሉ ምኽንያት፡ ነቲ ብቐሊሉ ዝጠፍእ ቁልዒ ናብ ጓህሪ ምንብድባድ እዩ። ብበዓል ግብጽን ኣሜሪካን ተደፋፊእካ ሓይሊ ኢትዮጵያ ደንዲንካ ትንፋስ ወያነ ንምድሓን ዘይከኣል ኣብርእሲ ምዃኑ፡ ዝሓቶ ዋጋ ልዕሊ ሱዳን ትግምቶ'ዩ ክኸውን። ንጉዳይ ምስሕሓብ ዶባት ዝምልከት፡ ብቕንዕናን ብንጹርን፡ ብሕውነታውን ሕጋውን ታሪኻውን ክፍታሕ እንተኾይኑ፡ ብሽምግልና ጎረባብቲ መንግስታት ድኣንበር ብሽምግልና ካልኦትስ ሳዕቢኑ ኢድ ኣዙር መግዛእቲ'ዩ ዝዕድም።

ክብሪ ንሰማእታትና  
ዓወት ንሓፋሽ  
ገብረንጉስ መስመር  
ጥሪ 29, 2021